# ክታበት ዕድመ ቤት ትምህርቲ

**ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝግበር ክታበት እንታይ እዩ?**
ዓመት መጸ፡ ፕሮግራም ክታበት ህዝባዊ ጥዕና ኣገልግሎት ጥዕና ኣልበርታ፡ ኣብ 1,6ን 9ይን ክፍሊ ንዝርከቡ ህጻናት መዛግብቲ ክታበት ብምግምጋም፡ እንታይ ዓይነት ክታበት ከም ዝምዘድልዮም ይሕብር።

**ተምሃሮ ንምንታይ ክታበት የድልዮም?**
ክታበት ንኣካላትና ኣንጻር ሕማማት ክከላኸሉ ዝኽእሉ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ንኸሃንጽ ይሕግዙ። ህጻናት እናዓበዩ ምስ ከዱ፡ እቲ ብክታበት ህጻናት ዝግበር መከላኸሊ ክደክም ይኽእል። ኣብ ዕድመ ትምህርቲ ዝወሃብ ክታበት፡ እቲ ሕማማት ናብ ካልኦት ሰባት ንምስፍሕፋሕ ደው ኣብ ምባል ዓቢ ተራ ኣለዎ።

**ተምሃሮ መዓስ ክኽተቡ ኣለዎም።?**
ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ካብ 6 ዓመት ክሳብ 15 ዓመት ንዝዕድሚኦም ተማሃሮ ክታበት ክወሃቡ ይመኽሩ። እዞም ክታበታት እዚኦም፡ ካብ ምስፍሕፋሕ ወይ ምልጋብ  ሕማማት ይከላኸሉ።

| ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝወሃቡ ክታበታት | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ዓይነት ሕማም | ዓይነት ክታበት | 1ይ ክፍሊ (6 ዓመት) | 6ይ ክፍሊ (11-12 ዓመት) | 9ይ ክፍሊ (14-15 ዓመት) |
| ሄፓታይተስ ቢ | ዝኾነ ስሩዕ ክታበት ውላድካ ብመሰረት መዝገብ ክታበቱ ዘይወሰዶ | | ✓ | ኣብ ሻዱሻይ ክፍሊ እንተ ዘይረኪቦም ኣብ ታሽዓይ ክፍሊ ክወስዱ ይክእሉ |
| ዲፍተርያ፡ ቴታነስ፡ ትክትክታ | ክታበት ሄፓታይተስ ቢ (Hepatitis B Vaccine) | | | ✓ |
| ሕማም መኒንጎኮካል | ክታበት ዲታፕ (dTap Vaccine) | | | ✓ |
| ክታበት ፓፒሎማቫይረስ (Human papillomavirus) | ክታበት  መኒንጎኮካል (MenC -ACYW) | | ✓ | |

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ዝኾነ ዝጎደለ ክታበት ህጻናት<br>*ናይ ህጻናት ክታበት ሰንጠረዥ ርአ* | ዝኾነ ስሩዕ ክታበት ውላድካ ብመሰረት መዝገብ ክታበቱ ዘይወሰዶ | ✓ | | |

**እዞም ክታበታት ውሑሳትን ውጽኢታውያንን ድዮም?** ተማሃሮ ቀሊልን ግዝያውን ጎናዊ ሳዕቤናት ከጋጥሞም ይኽእል እዩ;; ከምኡ'ውን ምቕያሕ ሕበጥ ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ቦታ ቃንዛ፣ ድኻም፣ ሕማም ርእሲ፣ ሰዓል፣ ቃንዛ ኣካላት፣ ረስኒ፣ ተምላስ፣ ቃንዛ ከብዲ ወዘተ ዘጠቓልሉ ኮይኖም ምልክታት ጎናዊ ሳዕቤናት ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ዝሑልን ጽሩይን ጨርቂ ብምቕማጥ ክመሓየሹ ይኽእሉ:;  ንሰዓል ወይ ቃንዛ ንምቍጽጻር ከም ኢቡፕሮፈን ወይ ኣሰታሚኖፈን ዝኣመሰሉ መድሃኒታት ክውሰድ ይከኣል።

**ወለዲ ብኸመይ ኪሕግዙ ይኽእሉ፤** ወለዲ ንደቆም ብዛዕባ እቲ ዝምከር ክታበት እዋናዊ ሓበሬታ ብምሃብ ጥዑያት ንኽጸንሑ ክሕግዝዎም ይኽእሉ።



**ዝኾነ ተወሳኺ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ወይ ክታበትኩም መደብ ክትገብሩ ምስ እትደልዩ፡ ክትገብሩ ትኽእሉ**

- ናብ ሄልዝ ሊንክ (Health Link) 811 ደውሉ
- ናብ መስመር ቴሌፎን AIMGA's Multilingual Health Hub for Newcomers 1-587-392-8062 ደዉሉ
- ናብ ሓኪም ስድራቤትኩም ወይ ናብ ፕራይሜሪ ኬር ኔትወርክ(primary care network)ተወከሱ
- ናብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝወሃቦ ዝሕብሩ ሞያውያን  booking.aimga.ca ሓገዝ ንምርካብ ቆጸራ ሓዙ

AIMGA Alberta International Medical Graduate Association
19 TO ZERO UNITED AGAINST COVID-19
Financial contribution:
Public Health Agency of Canada
Agence de la santé publique du Canada
ACTION 4 HUMANITY DEVELOPMENT FOUNDATION CREATING BRIGHTER FUTURE